**ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ**
**ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ**
**(1ይ ክፋል)**




*ሕሉፍ ታሪኽ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምትራፍ ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብጽምቖ ዝበለ ንኣንበብታ ተቕርብ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናድአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ዘስፈረቶ ብሰለሙን በርሀ እተዳለወ ጽሑፍ ኮይኑ፡ ንኣሽቱ ምትዕርራያት ተገይርሉ ከምዘሎ ንሕብር። መጽሓፍ "ግፍዒ"፡ ነፍስሄር ደራሲ ተስፋዬ ገብርኣብ "ጃንሆይና ደርግ" ብዝብል ኣርእስቲ ናብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዝተርጎማ፡ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ፍርያት ኣሕተምቲ ሕድሪ እያ።*

*እዚ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ቅድመ-ታሪኽ፡ ነቲ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ማለት ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተፈጸመ ኣረሜንነት ዝደረኸ መስፍናዊ ባህሊ፡ ጨካንን ዓማጺን ባህርያትን ኣተሓሳስባን ገዛእቲ ኢትዮጵያ ንምርዳእ ሓጋዚ ስለዝኾነ ድኣ እምበር፡ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ ብቐንዱ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ (1961-1991) ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብሕጽር ዝበለ ንምግላጽ እዩ።*

## ግፍዒታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ
## ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ

ኣብ ባህሊ፡ ስርዓተ ኣነባብራን ያታዊ ሕግታትን ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቕ ምርምር ዘካየደ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ውሩይ ኢጣልያዊ ተመራማሪ ታሪኽን ስነ-ሰብን ኮንቲ ሮሲኒ፡ ኣብ ዓድታት ኤርትራ ዝስርሓሉ ዝነበረ ሕግታት እንዳባን ስርዓተ ምንብባር ብዕምቈት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ንባህልን ሕግታትን ህዝቢ ኤርትራ “Guardia senza armi“ (ዋርድያ ብዘይ ብረት) ክብል ብኣድናቖት ገሊጽዎ። ብርግጽ ድማ ዓድታት ኤርትራ፡ ኣብ ቅድመ መግዛእታዊ ታሪኽን፡ ጠበንጃ ይኹን ፖሊስን ኣኽበርቲ ጸጥታን ከየድልየን፡ ህዝበን ብሕግታት እንዳባ እናተዳነየን ንፍትሒ እናተማእዘዘን ብስልጡን ኣገባብ፡ ኩሉ መዳያዊ ኮማዊ ህይወትን መሬታዊ ጸጋታትን ዘመሓድራ ዝነበራ ሰላማውያን ዓድታት እየን ነይረን።

ኣብ ማእከላይ ዘመን፡ ኣብዚ ሕጂ ኤርትራ ዝብሃል ዘሎ ከባቢ (ብናይ ቅድም ኣጸዋውዓ ምድረ-ባሕሪ ወይ መረብ-ምላሽ) ከምቶም ኣብ ስግር መረብ፡ ከምኡ’ውን ሱዳንን ግብጺን ዝነበሩ፡ ሰፊሕ ቦታታት ንምቁጽጻር ወራራት ዝፍጽሙ ዝነበሩ፡ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝውንኑ ንግስነታት ኣይነበሩን። ህዝቢ መረብ ምላሽ በብኸባቢኡ ብንኣሽቱ ሹመኛታትን ቆጽሊ ብዘውደቖሎም መራሕቲን፡ ንያታዊ ሕግታቱ ተማእዚዙ እዩ ዝመሓደር ዝነበረ። ኣብ መንጎ’ዞም ንውሱን ከባቢታት ዘመሓድሩ ሹመኛታት ምድረ ባሕርን መረብ ምላሽን ሓሓሊፉ ዝኸሰት ግጭትን ምጥቕቓዕን እኳ እንተነበረ፡ ዝበዝሐ እዋን ግን ዝምድናን ርክባትን ዓድታት ሰላማዊ’ዩ ነይሩ። እዚ ዓይነት ያታዊ ደሞክራሲያዊ ምሕደራ’ዚ፡ ብሓደ ወገን ንዕብለላን ሕሉፍ ምልኪን ዕድል ዘይህብ ስልጡን ኣነባብራ እኳ እንተኾነ፡ ዓቢ ድኽመት ግን ነይሩዎ እዩ። ኣብዚ ከባቢ ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝውንኑ ሓያላን ነጋውስ ክፍጠሩ ዘይምኽኣሎም፡ ህዝቢ ኤርትራ ንተደጋጋሚ ወራራትን ዝምታን ግዳማውያን ሓይልታት ካብ ዘቃልዖ ምኽንያታት ሓደ እዩ።

ናይዚ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት’ዚ ቀንዲ ደራኺ ረቛሒ፡ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣቀማምጣን ገማግም ባሕርን ኤርትራ እዩ። በዚ ድማ፡ ኤውሮጳውያን ገዛእቲ ይኹኑ፡ ናይዚ ዞባ ተወዳደርቲ ንግስነታት፡ ነዚ ስትራተጂያዊ ቦታ’ዚ ንምቁጽጻር፡ ተደጋጋሚ ወራራት እናፈጸሙ፡ ግዝኣቶም ንምርጋእን ተቓውሞ ደቀባት ንምጭፍላቕን ከምኡ’ውን ህዝቢ

ንምርዓድን ምሽባርን ቁጠባዊ ዓቕሙ ንምርማስን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ብዙሕ ግፍዒታት ፈጺሞም እዮም። ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓመጽን ጎነጽን ዘይፈቱ፡ ብሕጊን ስርዓትን ምንብባር ዝልማዱ ዘይናቱ ዘይምነ ስልጡንን ኣዝዩ ሰላማዊን ህዝቢ ብምዃኑ፡ ኣብ ታሪኹ “ተወሪሩ” እምበር “ወሪሩ ዝብል ዛንታ ኣይርከቦን። እዚ እናኾነ ግን ብናይ ግዳም ወረርቲ ማእለያ ዘይብሉ ዓመጽን ግፍዒን ዝወረዶ ህዝቢ’ዩ።

**ድሕረ ባይታ**

መሬት ኤርትራ ዝረገጹ ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ካብ ቱርኪ ጀሚርካ፡ ግብጺ፡ ጣልያን፡ እንግሊዝ፡ ግዝኣቶም ንምርዓምን ንምስግዳድን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ግፍዒታት ፈጺሞም እዮም። ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመጸ’ሞ ክሳብ ሕጂ ዝጥቀስ “ግዝኣት ቱርኪ” ዝብል ሓረግ፡ ንጭካነ ቱርካውያንን ወከልቶም ግብጻውያንን ዘመልክት እዩ። ጣልያንን እንግሊዝን እውን ብተመሳሳሊ ግዝኣቶም ንምውሓስ፡ ዕላማታቱ፡ ዓይነቱ፡ መጠኑን ስፍሓቱን ዝፈላለ በብዓይነቱ ግፍዒታትን በደላትን ፈጺሞም እዮም። ሓደ ካብቲ ብምስክሕካሕ ዝዝከር ናይ ገዛእቲ ጣልያን ግፍዓዊ ተግባራት፡ እቲ ብርቱዕ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ደሴት ናኹራ፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸ ቤት ማእሰርቲ እዩ። ኢጣልያውያን ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ’ዚ፡ ግዝኣቶም ኣብ ልዕሊ ዝተቓወሙ ሹመኛታትን ዜጋታትን ኤርትራ ጭካነ ዝመልኦ ተግባራት ይፍጽሙ ምንባሮም ናይ ሽዑ ሰነዳት ይምስክሩ።



ቤት ማእሰርቲ ደሴት ናኹራ

ቅድሚ ስርዓታት ኢትዮጵያ ነዚ ከባቢ በብግዜኡ ዝተቖጻጸርዎ ገዛእቲ ዝፈጸምዎ ግፍዒታት፡ ምርምር ብምኽያድ ምስናዱ ኣገዳሲ እዩ። ናይዚ ጽሑፍ’ዚ

ትሕዝቶ ግን፡ ናብቲ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቐንዱ ካብ 1961-1991፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ክጭፍልቑ ኣብ ልዕሊ ብረት ዘይዓጠቐ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፈጸምዎ ባርባራዊ ግፍዒታትን ሰፊሕ ናይ ኲናት ገበንን ዝምልከት እዩ። ከም መእተዊ ንድሕሪት ምልስ ኢልካ፡ ኣብ ማእከላይ ዘመን ነገስታት ኣቢስንያ፡ ሩባ መረብ እናሰገሩ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ሕጂ ኤርትራ ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ግፍዒን በደላትን ብሕጽር ዝብለ ምርኣይ፡ ነቲ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ዝተራእየ ኣረሜንነት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝደረኸ ጽኑሕ መስፍናዊ ባህሊን ኣተሓሳስባን፡ ጨካንን ዓማጺን ባህርያት፡ ንምርዳእ ሓጋዚ ስለዝኾውን ከም ድሕረ ባይታ ኣሕጽር ኣቢልካ ምጥቃሱ ኣገዳሲ ይኾውን።

## ገለ ካብ ግፍዒታት ገዛእቲ ኣበሲንያ


ኣብ መፋርቕ 16 ክፍለ-ዘመን፡ ንጉስ ኣምሓራ ሃጸይ ሰርጸድንግል፡ ኣብ መወዳእታ 17 ክፍለ-ዘመን ድማ፡ ቀዳማዊ እያሱ፡ ሩባ መረብ ሰጊሮም ብምውራር፡ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ዓድታት ከበሳ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ህዝብታት ናራ፡ ኩናማን በንዓምርን፡ ሰፊሕ ናይ ቅንጸላ ተግባርን ብዙሕ ራስያን ፈጺሞም ሓያሎ ዓድታት ኣንዲዶም፡ ብዙሕ ጥሪት ዘሚቶም ንቦታኦም ከምእተመልሱ ይፍለጥ።

ኣብ 1830ታት፡ ንበጌምድር (ሰሜን)ን ትግራይን ዝገዝእ ዝነበረ ደግያት ውቤ፡ መረብ ተሳጊሩ፡ ንሓያሎ ዓድታት ከበሳ፡ እምኩሉ፡ ባጽዕ፡ ሕርጊጎ፡ ምድሪ ኩናማ፡ ናራ፡ ሳሕልን ሰንሒትን ብምውራር ዓድታት ኣንዲዱ፡ ንብረተንን ጥሪተንን ዘሚቱ፡ ብዙሓት ቆልዑን ኣንስቲን ብጊላነት ከምዝወሰደ፡ ጭካነኡ ድማ መዳርግቲ ከምዘይነበሮ ይዝንቶ። ክሳብ ዝረሰነ ቆሎ ኣብ እዝኒ ሰባት ብምእታው ኣእዛኖም ከምዝጸሙ ይገብር ብምንባሩ ድማ፡ "ብዘመን ውቤ ዝጸመመስ፡ ውቤ ክብል ነበረ" ተባሂሉ ክሳብ ሕጂ ይመሰል ኣሎ።

ኣብ 1879 ንጉስ ኣበሲንያ ሃጸይ ዮሃንስ፡ ብራእሲ ኣሉላን ካልኦት መራሕቲን ዝእዘዝ ብዝሒ ዝነበሮ ደርጎኛ ሰራዊት ናብ ዓድታት ከበሳ፡ ምድረ ሳሆ፡ ናራን ኩናማን፡ ሓባብ፡ በንዓምር፡ መንሳዕ፡ ደንከል ደጋጊሙ እናዘመተ፡ ብዙሕ ህልቂት

ከምዝፈጸመን ዓድታት እናቃጸለ ናብ ሓሙኹሽቲ ከምዝቐየረንን ብዙሕ ንብረትን ጥሪትን ከምዘዕነወን ከምዝራሰየን ይፍለጥ።

ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ኩሉ ተደጋጋሚ ዝምታን ራስያን ስቕ ኢሉ ይዕዘቦ ኣይነበረን። ብዓቕሙ ምስቲ ሺሾ ሰራዊት ብጅግንነት እናገጠመ ክከላኸል ይፍትን ነይሩ እዩ። እቲ ንቕድሚኡ ባህሲሱ ዝምገብ፡ ዝዘረፎ ንባዕሉ ዝወስድ፡ ካብ ሽፍታ ዘይፍለ፡ ሺሾ ደርጎኛ ሰራዊት ግን ልዕሊ ዓቕሙ'ዩ ዝነበረ። ወራር ውቤ ንምዕጋት ኣብ 1842 ዝተኻየደ ብዙሓት ባሕረ ነገስታት መረብ ምላሽ ምስ ደቆምን ህዝቦምን ብጅግንነት ዝወደቕሉ ግጥም ሩባ በለሳ፡ ብ20 ግንቦት 1878፡ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን ናይ ሃዘጋ ምስ ራእሲ ባርያኡ (ኣባጋላ) ዝመርሖ ሰራዊት ሃጸይ ዮሃንስ ኣብ ኣስመራ ገጢሙ ንራእሲ ባርያኡ ዝቐተለሉ ዕውት ግጥም፡ ኣብ 1888 መሳፍንቲ ኣድያቦ፡ ወልቃይትን ራእሲ ኣሉላን ንዓድታት ናራን ኩናማን ደጊሞም ኣብ ዝዘመትሉ፡ ህዝቢ ናራን ኩናማን ንገለ ክፋል ናይቶም ነፍጠኛታት፡ ኣብ ከባቢ ኡምበልካዳ ኣብ ድብያ ኣእትዩ መላስ ወረ ዘይብሎም ዝደምሰሰሉ ፍጻመ፡ ህዝቢ ሳሆ ኣብ ቃቡና፡ ቃሪቡሳን ዓሊ-ገደን ኣንጻር ሰራዊት ኣሉላ ዘካየዶ ውግኣት፡ ህዝቢ ዓፈር ድብያ ኣዳልዩ ብምጽናሕ ንደግያት ዋህድ ቀቲሉ፡ ዝተራሰየ ጥሪቱ ዝምለሰሉ ስርሒት ገለ ካብ መርኣያታት ናይቲ ዝነበረ መኸተ እዩ።



ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን

በዚ ተደጋጋሚ ወራራትን ዝምታን፡ እቲ ብህርኩትናኡን ሃብቱን ጥሪቱን ዝድነቕ ጻዕረኛ ህዝቢ ኤርትራ ሓሪሱ ዘፍረዮ ምህርቲ፡ ኣንሲሱ ዘፍረየን ጥሪትን መጽዓኛን እናተዘምታ ንሕሱም ጥሜትን ድኽነትን እናተቓልዐ፡ ሰላምን ቅሳነትን ዘይብሉ ህይወት የሕልፍ ነበረ። በዚ እናሻዕ ዝፍጸም ዝነበረ ጃምላዊ ህልቂትን ቅንጸላን፡ ከምኡ’ውን በቲ ኣብ 1888 ዝተኸስተ ደርቂ፡ ብዙሕ ህዝቢ ብጥሜትን ዓጸቦን ስለዝረገፈ ድማ፡ ጣልያን ናብ ኤርትራ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፡ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ኣንቈልቍሉ ነበረ። ጣልያን ናብ ኤርትራ ክኣቱ እንከሎ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ 191,000 ጥራይ ምንባሩ ናይ ሽዑ ሰነዳት የመልክት። እዚ ኣሃዝ’ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ወራራትን ዝምታን ሰቡን ጥሪቱን ንብረቱን ባዲሙ፡ ዳርጋ ናብ ምጽናት ተቓሪቡ ምንባሩ እዩ ዘመልክት።

## ዘሕፍር ዛንታ ኣብ ሓደ ክቡር ታሪኽ

ኣብ መጋቢት 1896፡ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ሃጸይ ምኒሊክ ናይ ኢትዮጵያን፡ ዝተኻየደ ታሪኻዊ ውግእ ዓድዋ፡ ‘ዘመናዊ ሰራዊት ኤውሮጳ’ በቲ ‘ድሑር ሰራዊት ኣፍሪቃ’ ዝተሳዕረሉ እንኮ ውግእ እናተባህለ፡ ሓበን ናይ ጸለምቲ ኮይኑ ብኽብሪ ዝጥቀስ ፍጻመ እዩ። ኣብዚ ግጥም’ዚ፡ ካብ ኢጣልያ 6,000 ዝኾኑ (ኢጣልያውያንን ካብ ዝተፈላለያ ግዙኣት ሃገራት ዝመጹ ዓሳክርን) ክሞቱ እንከለው፡ 1,800 ድማ ተማሪኾም። ካብቶም ዝተማረኹ እቶም 1200 ኤርትራውያን ዓሳክር ጣልያን ኮይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ምሩኻት ድማ ዝበዝሑ ኢጣልያውያን ነበሩ። ድሕሪ’ቲ ውግእ፡ እቶም ጸዓዱ ምሩኻት ናጻ ተለቒቖም ብኽብሪ ንመንግስቲ ጣልያን ክረከቡ እንከለው፡ ኤርትራውያን ዓሳክር ጣልያን ግን፡ የማናይ ኢዶምን ጸጋማይ እግሮምን ክቍረጽ ተፈርዱ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ሱር ዳዕሮ መሓውሮም ኣንቢሮም፡ ሓሓደ ኢዶምን እግሮምን ብኣዝዩ ዘሰቅቕ ኣገባብ ብፋስ ክቖርጽዎም ጀመሩ። እቲ ዝተቈረጸ መሓውር ምእንቲ ክቕምርር ኣብ ሸረኽረኽ ዝብል ውዑይ ዘይቲ የእትውዎ ምንባሮም ይዝንቶ። ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ምኒሊክ ተሰሊፎም፡ ኣንጻር ኢጣልያ ተዋጊኦም ምኒሊክ ተዓዊቱ ንኽወጽእ ዓቢ ግደ ዘበርከቱ ኤርትራውያን ተቓውሞ ምስ ኣስምዑ ግዳ፡ ብዙሓት ካብቶም ፍርዶም ዝጽበዩ ዝነበሩ ክድሕኑ ከኣሉ። ልዕሊ 400 ዝኾኑ ግን ድሮ መሓውሮም ተቈሪጾም ነበሩ። ዝበዝሑ ካብኣቶም ደሞም ወዲኦም ሽዑ ንሽዑ ክሞቱ ከለው፡ ውሑዳት ድማ ኢዶምን

እግሮምን ስኢኖም ንዓዶም ተመልሱ። ፕሮፌሰር ኣፈወርቂ ገብረእየሱስ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ናይ ታሪኽ ተመራማሪን ጸሓፊን፡ ነዚ ፍጻመ'ዚ፡ "ዝሕፍር ዛንታ፡ ኣብ ሓደ ክቡር ታሪኽ" ክብል ጠቒስዎ ኣሎ።

እዚ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ቀሪቡ ዘሎ ናይ ቅድመ-ታሪኽ፡ ነቲ ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን ማለት ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተፈጸመ ኣረሜንነት ዝደረኸ መስፍናዊ ባህሊ፡ ጨካንን ዓማጺን ባህርያትን ኣተሓሳስባን ገዛእቲ ኢትዮጵያ ንምርዳእ ሓጋዚ ስለዝኾነ ድኣ እምበር፡ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ ብቐንዱ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ (1961-1991) ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብሕጽር ዝበለ ንምግላጽ እዩ።